# ጠንቂ ግጭት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን
## ( ምእታው ዓቃብ ሰላምን ድሕሪ ብይን 13.04.2002 ዝሰዓበ ምዕባለን)

## 3ይ ክፋል

ተዳለወ ብደበሳይ ነባራይ

ኣብ 2ይ ክፋል ተራን እጃምን መራሕቲ ወያነ ብሓፈሻ፡ ተራ ኣይተ ገብሩ ኣስራት ናይቲ እዋን ፕረሰደንት ክልል ትግራይ ፡ ብፍላይ ኣብ ምስዋር ዘይተደልየ ኲናት ዝተጻወቶ ኣሉታዊ ተራ ከይኣክል ኲናት ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ደይቡ ኣህዛብ ነንሓድሕዱ ብነዞሞ ክፋለስ ኣብ ከተማ መቀለ ኣብ መድረኽ ደዪቡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዘስመዮ፡ ንበሃሊኡ ዘሕንኽ ዘይሓላፍነታዊ መደረ በቲ ሓደ ሸነኽ ፡ ካብ ስሚዒታት ነጻ ዝኾነ ሓላፍነታውን ወግዓዊን መደረታት መንግስቲ ኤርትራ በቲ ኻልእ ሸነኽ ፡ መርትዖታት ኣስንዩ ኣቕሪበዮ ኣለኹ ፡

ብተወሳኺ ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ተበግሶ ሰላም ፡ ኣብኡ ዝተበጽሑ ስምምዓትን ፡ ነቲ ድሒሩ ዝሰዓበ ምእታው ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ፡ ስራሕን ሓላፍነትን ኮምሽን ዶብ ፡ ኣብ ኤርትራ ክጸንሕሉ ዝኽእሉ ናይ ጊዜ መቓን ፡ ብሓፈሻ ዕድመ ናይዞም ክልተ ትካላት ብንጹር ተገሊጾም ሰለዘለዉ ፡ ንድሒሮም ዝተጋህዱ ምዕባለታት ማለት ሕጋውነት ፡ ምእታውን ምውዳእን ዓቃብ ሰላም ፡ ብይን ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ፡ ፍሽለትን ሕቡእ ኣጀንዳ ወያነን ብዕምቆት ምእንቲ ክንርዳእ ከምዘለዎ ቀሪቡ ኣሎ ፡

<u>ሕቡእ ኣጀንዳ መራሕቲ ወያነ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ፡-</u>

ወያነ ዝተወረረኒ መሬት ከመልስ ብምባል ዳንጋ ዘራያት ኣሚኑ ዘካየዶ ሰለስተ ሰፋሕቲ ወራራት ምስ ፈሸለ ዝተጋህደ ሓቂ ፡

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ብ 7 ሰነ 2000 ዓ.ም. ኣብ ጋዜጣ ሪፖርተር ኣብትሕቲ “ ስነ- ሞጎት ሰላምን ጸጥታን ንኢትዮጵያ ድሕሪ ኲናት ” ዝብል ኣርእስቲ እዚ ዝስዕብ ሰፊሩ ይርከብ ፡-

- ሰራዊት ኤርትራ ከምዝውሕድ ምግባር ፡
- ኣጽዋራቱ ምስሓብ ፡
- ኤርትራ ብመሰረት ብሄራዊ ክልላት ምምቕቃል ፡
- ኢትዮጵያ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ናይ ምርካብ መሰል ምኽባር ፡

<u>ፍሽለት ሕቡእ ኣጀንዳ መራሕቲ ወያነ፡-</u>

ግጭት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ፡ ንፍሽለት መራሕቲ ወያነ ብሓፈሻ ፡ ንገብሩ ኣስራትን መሰልቱን ብፍላይ ፡ ብዘየወላውል መገዲ ኣግሂድዎ ፡ ካብቶም ቀንዲ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም ፡

- ፍሽለት ምድምሳስ ወተሃደርዊ ዓቕሚ ኤርትራ ፡
- ፍሽለት ምውዳቕ መንግስቲ ኤርትራ ፡
- ፍሽለት ምዝራግ ሃገራዊ ሓድነት ኤርትራ ፡
- ፍሽለት ምቁጽጻር ወደብ ዓሰብ ፡
- ፍሽለት ብዋጋ ኤርትራ ፡ ባሕሪ እትውንን ረፓብሊክ ዓባይ ትግራይ ምምስራት ፡

# ጠንቂ ግጭት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን
## ( ምእታው ዓቃብ ሰላምን ድሕሪ ብይን 13.04.2002 ዝሰዓበ ምዕባለን)

### ዓቃብ ሰለም (31. ሓምለ 2000 — 1. ሓምለ 2008)

ዓንቅጽ 5 ናይ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ከምዝብሎ : ተልእኾ ዓቃብ ሰላም (ኣንሚ): መስርሕ ምምልካትን ምሕንጻጽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስ ተዛዘመ'ዩ ዘብቅዕ :

እዚ ስምምዕ'ዚ ዘረጋግጾ ሓቂ እንተሎ ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ደረት ኣልቦ ጊዜ : 25 ኪሎሜተር ኣብ ውሽጢ ግዝኣታዊ መሬት ኤርትራ ክጸንሕ ዘይኮነ : ምስ ህላውነት ኮምሽን ዶብ ከም ዘብቅዕ ኢዩ ዘረደአ : በዚ ምኽንያት ኢዩ መንግስቲ ኤርትራ እዚ ዓንቀጽ ብንጹር ኣብቲ ውዕል ክጸሓፍ ዝጸዓረ :

ህዝቢ ኤርትራ ድማ ንሰራዊት ዓቃብ ሰላም : ዘይከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣብ ክንዲ ዓቃብ ሰላም : ሓብሓቢ (ኣማሓዳሪ ) ዘይሰላም ከይከውን : ኣብ ዝተወሰነ ጊዜ ተልእኾኡ ብዓወት ዛዚሙ ክምለስ ብልቢ ብምምናይ : በቲ ዝሕበኑሉ ፍሕሸው ባህሪ ንጋሻኡ ዝኾነ ዓቃብ ሰላም ብክበሮን ጓይላን ደበላን : ዕምበባ ብምንጻግን ተቐቢልዎ:: ኣብቲ መጀመርያ ዝኣተወሉ እዋን ኣብ ምርግጋእ ወጥሪ እወታዊ ተራ ከምዝነብሮ ክዝከር ዘለዎ ሓቂ ኢዩ::

ኣብ መወዳእታ ግን ህላውነት ዓቃብ ሰላም ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስ ህላውነት ኮምሽን ዶብ ስለዝተሓሓዝ : ወያነ ዶብ ኣብ ባይታ ከይሕንጸጽ ምስሓንገደ : ኮምሽን ዶብ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመተን መንፈቕን ዶብ ኣብ ካርታ ብምምልካት ቤት ጽሕፈቱ ዓጺዩ ክወጽእ ተገዲዱ:: ድሕሪ ኮምሽን ዶብ : ምጽናሕ ዓቃብ ሰላም ኣብ ኤርትራ : ዝኾነ ሕጋውነት ስለዘይብሉ ድሕሪ 8 ዓመትን መንፈቕን : 1,32 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ወጻኢ ብምግባር ካብ ኤርትራ ክወጽእ ተገዲዱ ::

ዓቃብ ሰላም ገደብ ጊዜ እንተዘይተገበረሉ ከም ሮማዲ ኣሰፋሕፊሑ ንዘይተወሰነ ጊዜ ከም ዝነብር ተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ከም ኣብነት ክግለጽ ይከኣል :


- ብ1978 ኣብ ደቡብ ሊባኖስ ምውጻእ እስራኤል ክዕዘብ ዝኣተወ ስጋብ ሕጂ ኣሎ:
- ብ 1949 ኣብ ዶብ ህንድን ፓኪስታን ዝኣተወ ስጋብ ሕጂ ኣሎ :
- ኣብ እስራኤልን ሶርያን (ጎቦታት ጎላን) ዘሎ ክሳብ ሕጂ ኣሎ :
- ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ከም ኮንጎ : ደቡብ ሱዳን : ሶማል ....... :

### ስልጣንን ሓላፍነትን ኮምሽን ዶብ:-

ዓንቀጽ 4.15 ስምምዕ ኣልጀርስ :- ክልቲኦም ወገናት : ኮሚሽን ዶብ ዝህቦ ብይን ናይ መወዳእታን ቀያድን ክኸውን ይሰማምዑ : ነቲ ብመሰረት ውሳኔ ናይቲ ኮምሽን ዝሕንጸጽ ዶብ ድማ ግዝኣታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ሓድሕዶም የኽብሩ ይብል:: ነዚ መሰረት ብምግባር ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ስምምዕ ኣልጀርስ ብዘሰከሞ ሓልፍነትን መዝነትን : 13.04.2002 ብይን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብወግዒ ኣፍሊጡ : በዚ ምኽንያት ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ቀያድን ናይ መወዳእታን ኮይኑ: ኣብ ባይታ ይምልከት : ንትግባረኡ ሓላፍነት ናይ ኮምሽን ዶብ ጥራሕ ይኸውን ::

ተዳለወ ብደበሳይ ነባራይ

# ጠንቂ ግጭት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን
## ( ምእታው ዓቃብ ሰላምን ድሕሪ ብይን 13.04.2002 ዝሰዓበ ምዕባለን)




ድሕሪ ብይን 13.04.2002 ክልቲኤን ሃገራት ነዚ ዝስዕብ ወግዓዊ መግለጺታት ኣስሚዐን::

**ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ**

ኣብተን ናይ መጀመርታ ሰዓታት ኮሚሽን ዶብ ውሳኔኡ ብዕሊ ምስ ኣፍለጠ : መራሕቲ ጃንዳ ወያነ ኣብ ናይ ሕልሚ ዓለም ኮይኖም ምስኣንበብዎ : ብውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ምሒር ዕግበት ስለዝተሰመዮም : ንህዝቢ ኢትዮጵያን ዓለምን : ብሰራት ክነግርዎ ተሃንደዱ :

- **ቃል ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ስዩም መስፍን 13.04.2002 ዓ.ም.**

  „ጥዑይ ኣእምሮ ኣብ ልዕሊ ዕቡድ ኣእምሮ ተዓዊቱ: ክምኡውን ግዝኣተ ሕጊ ኣብ ልዕሊ ግዝኣተ ጫካ ተዓዊቱ:: ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ፍትሓውን ቅኑዕን ኢዩ:: እዚ ውሳኔ ንሓቅነት ኢትዮጵያ ኣረጋጊጹ: በዚ መንጽር ኢትዮጵያ ብውሳኔ ነጻ ኮምሽን ዶብ ኣዝያ ዕግብቲ ኢያ:: ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ክልቲኦም ወገናት ነቲ ውሳኔ ከም ናይ መወዳእታን ቀያድን ክቕበልዎ ይግባእ::“

- **መግለጺ ቤት ምኽሪ ምኒስተራት ኢትዮጲያ 13.04.2002 ዓ.ም.**

  „ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ዝተዋህበ ብይን መንግስቲ ኢህወደግ ብምቕባል: ንትግባረኡ ቅሩብ ኣሎ:: መንግስቲ ኢትዮጵያ በዚ ኣጋጣሚ ንኮምሽን ዶብ በቲ ዝሃበ ሓላፍነታውን ፍትሓውን ብይን ምስጋንኡ የቕርብ:: መንግስቲ ኢትዮጵያ ንምቅልጣፍ ትግባረ ውሳኔ ዶብ ሓያል ድሌት ከምዘለዎ ይገልጽ:: በዚ ምኽንያት መንግስቲ ኢህወደግ ከስምረሉ ዝደሊ: መንግስቲ ኤርትራ መብጸዓ ከኽብርን: ኣብ መስርሕ ምሕንጻጽ ዶብ ክተሓባበርን::“

- **ቃል ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ 15.04.2002 ዓ.ም.**

  „እዚ ውሳኔ ኢትዮጵያ ዝሓተተቶ ኣረጋጊጹላ:: ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኩሉ ኢትዮጵያ ዝሓተተትሉ ቦታታት ኣረኪቡዋ:: እዚ ንኢትዮጵያ ድርብ ዓወት: ነቲ ሓደ ወገን ከቢድ ስዕረት ኢዩ:: ትርጉም ናይዚ ውሳኔ ንናይ ሓዋሩ መደምደምታ: ንኻልእ ፈተነ: ሕቶ ዶብ ብሓይሊ ንምፍታሕ ኢዩ::

ተዳለወ ብደበሳይ ነባራይ

- ***<u>ቃል ሰይፈ ሰላሴ ለማ ወኪል ኢትዮጵያ ኣብ ኮምሽን ዶብን</u>**: ሓላፊ ሕጋዊ ጉዳያት ኢትዮጲያ ኣብ ሚ/ወ/ጉዳያት 18.04.2002*

  *„ኢትዮጵያ ብዓወት ክትወጽእ ዝኽኣለት እቲ ኮምሽን ብሕግን ብመትከላቱን ክውስን ስለዝኽኣለ ኢዩ:: ኣባላት ኮምሽን ደቂ ሰባት ስለዝኾኑ: ንሕቶኻ ኣጋኒንካ (ዝግባኣካን ዘይግበኣካን) ምቕራብ ልሙድ ኣገባብ ኢዩ:: ቀንዲ ዕላማ ምኻድ ኣብ ቤት ፍርዲ ክትስዕርን ሓንጎል ደቂሰባት ክትእምንን ኢዩ: እዚ ብኽልተ ኣገባብ ይትግበር:- ወይ ንሕቶታትካ ንጹርን ሓያልን መርትዖታት ተቕርብ ወይድማ ድኹም ጎንኻ ክትሽፍን ኣጋኒንካ ተቕርብ:: በዚ መሰረት ኣብ ምዕራባዊ ሸነኽ ኢትዮጵያ ወላ ንሓንቲ መዓልቲ ትኹን: ዘይኣመሓደራቶ ሕቶ መሬት ኣቕሪባ:: ኢትዮጵያ ካብ ዝተጸበየቶን ዝደለየቶን ንላዕሊ ረኺባ:: ኩሉ ዘተመነናዮን ዝበሃገናዮን መሬት ረኺብና::“*

***<u>ብወገን መንግስቲ ኤርትራ:-</u>***

*ድሕሪ ብይን 13.04.2002 ዓ.ም ዝተዋህበ ወግዓዊ መግለጺ መንግስቲ ኤርትራ::*

*“ኣብ ዝሓለፈ ኣርበዕተ ዓመታት: ኩናት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ምእዋጁን ድሕሪኡን: እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝወረደ ከቢድ ክሳራ ቅድሚ ምውራዱ: ጉዳይ ዶብ ብሕጋውን ሰለማውን መንገዲ እምበር: ብስነ-ሞገት ሓይልን ኩናትን ክፍታሕ ከምዘይክእል: መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ከረጋግጽዎ ጸኒሖም ኢዮም : ሎሚ ዝተዋህበ ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነዚ ቅድሚ 4 ዓመት ብሩህ ዝነበረ ሓቂ ደጊሙ ኣርጋጊጽዎ ኣሎ : ነዚ ሎሚ ዝተዋህበ ብይን ክልቲኤን ሃገራት ኣብ ታሕሳስ 2000 ዓ.ም. ኣብ ኣልጀርስ ስምምዕ ኣብ ዝተበጽሓሉ ጊዜ: ከም ናይ መጨረሽታን ቀያድን ክቕበለኦ ሰለዝፈረማ : ሕቶ ምቕባል ዘይምቕባልን: ሕጂ ሓተታን ቁጽይጽይን ዝሓትት ኣይኮነን : እቲ ውሳኔ “ ረብሓ ንመን ከይዱ” ዝብል ሕቶ ዝምልሶ : ልዕሊ ኹሉ እቲ ብይን ኣመታቱን ኢዩ : ሎሚ መግለጺታት እንተበዝሐ እንተተኺሕለን: ኣብዘን ዝሓለፋ 4 ዓመታት ዝተባህለን ካብ ኣእምሮን ዝኸርታትን ስለ ዘይተደምሰሰን ሰለዘይተርሰዐን: ክርሳዕውን ስለዘይከኣል ወያነ ኩናት ክእውጅ ከሎ መበገሲ ኩናት ጌሩ ዘልዓሎ: ናይ ባድመ ምስምስን ካርታ ክልል ትግራይ: ካብ ወረቓት ስለዘይሃሰሰ: እቲ ውሳኔ: ንረብሓ መን ከይዱ፣ ዝብል ሕቶ: ናይ ዝኾነ ወረጃ መደረ ዘይሓትት: ህዝቢ ኢትዮጵያውን ባዕሉ ፍርዲ ዝህበሉ ጉዳይ'ዩ:: በዚ ኮነ በቲ ብዘይካዚ ብይን'ዚ ኩናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጋዊ መደምደምታ ምርካቡ: ናይ ክልቲኦም ህዝብታት ዓወት ኢዩ : ኣብ መደምደምታ መንግስቲ ኤርትራ ንኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስጋንኡ ይገልጽ : ክብርን መጎስን ንሰማእታትና ዓወት ንሓፋሽ ! ”*

***<u>መልእኽቲ ፕረሰደንት ኢሰያስ ኣፈዎርቂ 15.04.2002</u>***

*ኣነ ንኹሎም ኢትዮጵያውያን ክብሎም ዝደሊ እንቋዕ ኣሓጎሰና ክንብል ከሎና ንዓኻትኩም'ውን እንቋዕ ሓጎሰኩም :*

*ሓቂ'ዩ ናትና ክሳራ : ናትና ምረት : ናትና ወጽዓ የሕዝነና : ግን ህዝቢ ኢትዮጵያውን ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ : ዘይደልዮን ዘይረብሓሉን ኲናት ክኣቱ ኣምበይተደልየን : ትርጉም'ውን ኣይነበሮን ::*

***<u>ዕንቅፋት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኮምሽን ዶብ:-</u>***

*ድሕሪ ሕልሚ ዝተሓውሶ ዓሙቕ ድቃስ : ምብርባር ስለዘይተርፍ: ሰበስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ወርሒ ብዕለት 13 ግንቦት 2002 ዓ.ም. እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ሰደዱ:*

- *ብይን ኮሚሽን ዶብ ክእረምን ዳግማይ ርእይቶ ክግበረሉን:*
- *ኣብ'ቲ ኮሚሽን ዝወሰዶ ስጉምትታን ውሳነታትን ተሳትፎና ክረጋግጽ ክብሉ ሓተቱ :*
- *እቲ ኮምሽን ምምልካት ዶባት ዘሕለፎ ውሳኔ ካብ ሕጊ ወጻእን ዘይፍትሓውን ምዃኑ: ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ኣዝዩ ብሩህ ዝኾነ ጉዳይ'ዩ ( ቀ/ሚ መለስ ዜናዊ) :*

*ኮምሽን ዶብ በዚ ናይ ኢትዮጵያ ርእይቶ ከይተደናገረ: ኣብ ክራማት 2002 ዓ.ም. ዶባት ኣብ ባይታ ንምምልካት ምድላዋት ኣጽፊፉ : ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2002 ዓ.ም. ምትካል ኣዕኑድ ምእንቲ ክጅምር: ዘዳለዎ ካርታ ንኽልቲኦም ብምሃብ : ኣብ ቀጻሊ ዕማም ዝሕግዝ ርእይቶ ክገልጹ ዕድል ሂቡ ::*

*ኤርትራ ነቲ መስርሕ ሓጋዚ ዝበለቶ 17 ገጻት ዝሓዘ ሰነድ ከተቕርብ ከላ : ኢትዮጵያ 141 ገጻት ዝሓዘ : ንብይን 13.04.2002 ዓ.ም. ዝቃልስን : ምትዕርራይ ዝገብርን : ሰነድ ኣቕሪባ::*

*ብምቕጻል መንግስቲ ኢትዮጵያ : ዶብ ተሓንጺጹ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሰላም ከይዓርፍ: ሓንሳብ ልቢ ግሩሃት ንምስላብ ጥዑም ቃላት እናስማዕካ : ሓንሳብ ብምፍርራህ ዘይግባኣካ ንምርካብ ቀጻሊ ዕንቅፋት ካብ ምክያድ ኣይተቖጠበትን :*

- *ብዕለት 19.09.2003 ዓ.ም. ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ንጉዳይ ዶብ ዝምልከት ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ከምዚ ዝስዕብ ሰዲዱ:-*
    1. *ዕማም ናይ'ቲ ኮምሽን ኣብ ቅልውላው ወዲቑ ኣሎ :*
    2. *ጠንቂ ናይ ቅልውላው እቲ ኣብ ባድመን ከባቢኡን ዝተዋህበ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ውሳኔ ኢዩ :*
    3. *ኣብ ኣልጀርስ ዝተሰማማዕናሉ መግዛእታዊ ውዕላት እቲ ሕንጻጽ ንባድመ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኢትዮጵያ ኢዩ ዝገድፍ :*
    4. *ኮምሽን ዶብ ውሳኔኡ ኣብ ስተይት-ፕራክትኪስ ተመርኲሱ ኢዩ ክህብ መሪጹ: ከምኡ ብምግባሩ ባድመ ንኤርትራ መንጥይዎ :*
    5. *ንመስርሕ ሰላም ባይቶ ጸጥታ ጥራሕ ኢዩ ከድሕኖ ዝኽእል :*
    6. *ደቡባዊ መስመር ግዝያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ : ከም ዶብ ናይ ክልቲኤን ሃገራት ክፍለጥ ሓቲቱ :*

- *ፕረሲደንት ኮምሽን ዶብ <u>ሰር ኤሊሁ ላውተርፓርክ</u> ንደብዳቤ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ከምዚ ዝስዕብ መልሲ ህቢሉ :*

*ተዳለወ ብደበሳይ ነባራይ*

# ጠንቂ ግጭት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን
## ( ምእታው ዓቃብ ሰላምን ድሕሪ ብይን 13.04.2002 ዝሰዓበ ምዕባለን)

1. መንግስቲ ኢትዮጵያ ስምምዕ ኣልጀርስ ኣብ ግብሪ ክውዕል ዘገድድ ዓንቀጻት እንተኣኸቢራ ቅልውላው ዝበሃል ኣይክህሉን ኢዩ::
2. ኮምሽን ዶብ ዝተኸተሎ ቅኑዕ ኣተርጓጉማ መግዛእታዊ ውዕላት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብቲ ሩባ ሰቲትን መረብን ዘራኸብ ነጥቢ ኢዩ ዝብገስ በዚ መሰረት ባድመ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኢያ ::
3. ብይን ዶብ ኣብ መግዛእታዊ ውዕላትን (1900,1902,1908 ዓ.ም.) ተቐባልነት ዘለዎ ኣህጉራዊ ሕጊ ተሞርኪሱ ንክወሃብ ኢዩ ዝእዝዝ : በዚ መሰረት ወላ እቶም ብኢትዮጵያ ዝተሓተሙ ካርታታት ኢዩ ተጠቒሙ :
4. ኣብ ስምምዕ ኣልጀርስ ዓንቀጽ 4.15 ሰፈሩ ከምዘሎ ዶብ ክልቲኤን ሃገራት ዝፍለጥ ድሕሪ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብይን ከምዝኾነ ኣስሚርሉ:: በቲ ሓደ ሸነኽ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣተርጓጉማ ስምምዕ ኣልጀርስ ግጉይ መረዳእታ ከምዘለዋ ዘረድእ: ኣብ'ቲ ፈለማ ውሳኔ ኣብ ዝተዋህበሉ ጊዜ ተቐቢለዮ ዝበለት ሕጂ ምንጺጋ ዘስደምም'ዩ ኢሉ::

- ብዕለት 25.11.2004 ዓ.ም. መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ክሃድም ብምህቃን 5 ነጥብታት ዝሓዘለ ናይ ሰላም እማመ ብምቕራብ : ውሳነ ዶብ ብመትከል ከምተቐበሎ ገሊጹ :

ኣብ መወዳእታ ኮምሽን ዶብ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ዘሰከሞ ሓላፍነት: ምስ'ቲ ኩሉ ካብ ሕጋዊ መንገዲ ክእለ : ብወያነን ዘራያቱን ዝተገብረሉ ዕንቅፋት: ልምሰት ባይቶ ጸጥታ: ከይተዳህለን ከይተደናገረን ድሕሪ ናይ ሓሙሽተ ዓመትን መንፈቕን ኮለል: ኣብ ሕዳር 2007 ብተመሳቐልቲ ግሎባዊ ሕንጻጻት ክሳብ ዝደቐቐ ዝርዝራት ዘስፈረ: እንተላይ ኣዕኑድ ዝትክለሉ ዝሕብር ሕጋዊ ካርታ : ንመንግስቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን : ከምኡውን ንኣሃዱ ካርቶግራፊ ሕቡራት ሃገራት ብወግዒ ብምርካብ : ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቨርቹዋል ብምምልካት (ምምልካት ዶብ ኣብ ካርታ) : ሓንሳብን ንሓዋሩን ሕጋዊ መኽተምታ ገይሩሉ : በዚ መሰረት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ ዝኾነ ኣብ ዓለምና ካብ ዝርከብ ዶባት : እቲ ዝነጸረን : ኣዚዩ ደቂቕ ዝርዝራትን መወከሲ ሕጋዊ ሰነዳትን ዘለዎ ዶብ ክኸውን በቂዑ ጥራሕ ዘይኮነ : ብፖለቲካውን ሕጋውን ተክኒካውን መዳያት ሓንሳብን ንሓዋሩን ተዓጺዩ ክበሃል ይከኣል ዋላኳ ዶብ ንግዚኡ ኣብ ባይታ ኣይመልከት እምበር : ውዒሉ ሓዲሩ : ቀሪቡ ደንጉዩ : ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ባይታ ምምልካት ስለዘይተርፍ : ኮምሽን ዶብ ብዝፈጸሞ ዕማም ክምስገን ይግባእ ::

ተጻብኦ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድሕሪ ዝተኻየደ መሪር ኲናትን ውሳኔ ኮምሽን ዶብን : ከምኡ'ውን ግቡኦም ዘይላዕሉ ኣውሓስቲ ውዕል ሰላም ኣልጀርስ : ኣፍደገ ባሕሪን : ካልእን ኣብ ዝቕጽል 4ይ ክፋል የራኽበና :

ሰናይ ቅነ :

ደበሳይ ነባራይ :

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና !!!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ተዳለወ ብደበሳይ ነባራይ